# ናይ ግልጋሎት ወጻኢታትካ ክትከፍል ሓገዝ የድልየካ ዶ ኣሎ?

**ነቲ ናይ ሲያትል ሓይሊ መብራህቲ (ኤለክትሪክ) ወይ ናይ ሲያትል ህዝባዊ ግልጋሎታት (ማይ፣ ረሳሕ ፈሳሲ፣ ጎሓፍ) ሒሳብ ኣብ ምኽፋል ድሕሪት ተሪፍካ ዲኻ ወይስ ትቃለስ ዲኻ ዘለኻ?**

ክንሕግዘካ ኣብ'ዚ ኣለና! ዓማዊልና ዘለዎም ናይ ግልጋሎት ዕዳ ክኸፍሉን ንድሕሪ ሕጂ እንዳኸፈሉ ክቕጽሉን ንምሕጋዝ ምእንቲ ናይ ዕዳ ምኽፋል ኣማራጺታትን ናይ ሕሳብ/ቢል ረድኤት መደባትን ንህብ ኢና።

## መደባት ክፍሊት

### መደባት ክፍሊት ህዝባዊ ግልጋሎታት ሲያትልን ሓይሊ መብራህቲ ሴያትልን

እንተደኣ እቲ ናይ ሓይሊ መብራህቲ ሲያትል (ኤለክትሪክ) ይኹን እቲ ናይ ሲያትል ህዝባዊ ግልጋሎታት (ማይ/ረሳሕ ፈሳሲ/ ጐሓፍ) ክፍሊት ሒሳብ ዝኽፈለሉ ግዜ ሓሊፉ ኮይኑ፣ ንኹሎም ነበርቲ ይኹኑ ናይ ንግዳዊ ትካላት ዓማዊልና መደባት ክፍሊት ነቕርበሎም። ብ መደባት ክፍሊት ኣቢልካ፣ ነቲ ዘለካ ሕሳብ ብብእዋኑ ክትከፍል ትኽእል ኢኻ።

## መደባት ሓገዝ ክፍሊት ሒሳብ/ቢል

ናይ መንበሪ ዓሚል ኮይንካን ንመምዘኒ ብቑዕነት ኣታዊ እንተ ኣማሊእካን፣ ቀጻልን ህጹጽን ሓገዝ ክፍሊት ቢል ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## መደብ ምጉዳል ዋጋ ግልጋሎታት

እቶም ብኣታዊኦም-ብቑዓት ዝኾኑ ዓማዊል ኣብ ናይ ከተማ ሲያትል መደብ ግልጋሎት ምጉዳል ዋጋ ክምዝገቡ ይኽእሉ ኢዮም፣ እዚ ኣብ ናይ መጻኢ ሒሳባት/ቢል ሓይሊ መብራህቲ ሴያትል ናይ 60% ምጉዳል ዋጋ ከምኡውን ኣብ ናይ መጻኢ ናይ ሲያትል ህዝባዊ ግልጋሎታት ሒሳብ/ቢል ድማ ናይ 50% ምጉዳል ዋጋ ዝህብ እዩ።

## መደባት ህጹጽ ሓገዝ ክፍሊት ሒሳብ/ቢል

### ሓይሊ መብራህቲ ከተማ ሲያትል

እንተደኣ ነቲ ናይ ኤለክትሪክ ሒሳብካ ኣብ ምኽፋል ድሒርካ ዘለኻ እንተኾይንካን ኣብ ናይ ምቁራጽ ኣገልግሎት ሓደጋ ትርከብ እንተኾይንካን፣ እቲ ናይ ሓይሊ መብራህቲ ሴያትል መደብ ህጹጽ ሓገዝ ክፍሊት ሒሳብ/ ቢል ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ። እቶም ብኣታዊኦም-ብቑዓት ዝኾኑ ዓማዊል ነቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝነበሮም ግዜኡ ዝሓለፈ ዘይተኸፍለ ሕሳብ ንምንካይ ኣብ ዓመት ክሳዕ 710 ዶላር ኣመሪካ ብናይ ህጹጽ እዋን ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም። ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ዘለዉወን ስድራ ቤታት ኣብ ዓመት ክሳዕ 1,420 ዶላር ኣመሪካ ክሕገዙ ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም።

### ህዝባዊ ግልጋሎታት ሲያትል

እንተደኣ ኣብ'ቲ ናይ ማይ/ረሳሕ ፈሳሲ/ጐሓፍ ሒሳብ ክፍሊት ድሒርካ እንተ ሃሊኻን ከምኡውን ኣብ ናይ ምቁራጽ ሓደጋ ዘለኻ እንተኾይንካን፣ ናይ ህዝባዊ ግልጋሎት ሲያትል መደብ ህጹጽ ሓገዝ ኪሕግዘካ ይኽእል እዩ። እቶም ብኣታዊኦም-ብቑዓት ዝኾኑ ዓማዊል ነቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝነበሮም ግዜኡ ዝሓለፎ ዘይተኸፍለ ሕሳብ ንምንካይ ኣብ ዓመት ክሳዕ 518 ዶላር ኣመሪካ ብናይ ህጹጽ ሓገዝ ክሕግዙ ይኽእሉ ኢዮም። እተን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ዘለዉወን ስድራ ቤታት ኣብ ዓመት ክሳዕ 1,036 ዶላር ኣመሪካ ክረኽባ ይኽእላ ኢየን።

## ምሳና ተራኸብ

ናይ ግልጋሎት ሒሳብ /ቢል ንምኽፋል ተጸጊምካ እንተ ኮይንካ ወይ ድማ በቢወርሑ ኽፍሊት ክትከፍል ትቃለስ እንተደአ ኣሊኻ ኮይንካ፣ ምሳኻ ሓቢርና መደብ ክፍሊት (payment plan) ክነውጽእን ክምኡድማ ኣገልግሎት ሒሳብ/ቢል ንምኽፋል ምእንቲ ሓገዝ ክትረክብ ክነመልክት ንኽእል ኢና።

### ብኢንተርነት ምሳና ተራኸብ

ናይ ክፍሊት መደብ ንምውጻእ፣ ናይ ሕሳብ ሓገዝ ንምርካብ ንምምዝጋብ፣ ከምኡውን ሕሳብካ ንምኽፋል ኣብ seattle.gov/UtilityBillHelp ተወከሰና።

### ንጉጅለ ኣገልግሎት ዓማዊልና ደውለሎም

ናብ (206) 684-3000 (ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ፣ 7:30 am(ንጉሆ) – 6:00 pm (ድሕሪ ቐትሪ)) ብምድዋል ክፍሊት ንምፍፃም፣ መደብ ክፍሊት ንምግባር ምስ ተወካሊ ንምዝርራብ፣ ወይ ድማ ንመደብ ሓገዝ ክፍሊት ሒሳብ/ቢል ክተመልክት ትኽእል ኢኻ። እንተደአ ካብ ቋንቋ እንግሊዝኛ ወጻኢ ብኻልእ ቋንቋ ሓገዝ ዜድልየካ ኮይኑ፡ጉጅለ ኣገልግሎት ዓማዊልና በቲ እትመርጾ ቋንቋ ብዘይ ክፍሊት ኪሕግዙኻ እዮም።

### ናብ ማእከላት ኣገልግሎት ዓማዊልና ብጻሕ

ነቶም ሒሳባትካ/ቢልካ ብጥረ ገንዘብ፣ ብቸክ፣ ወይ ብክረዲት ካርድ ንምኽፋል ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ምብጻሕ ግበር።

**ማእከል ኣገልግሎት ሰሜን ሓይሊ መብራህቲ ከተማ ሲያትል**
1300 N 97th Street, Seattle, WA 98103 | ሰኑይ–ዓርቢ; 8:30 am(ንጉሆ)–4:30 pm(ድሕሪ ቐትሪ) | (206) 615-0600

**ማእከል ኣገልግሎት ደቡብ ሓይሊ መብራህቲ ከተማ ሲያትል**
3613 4th Avenue S, Seattle, WA 98134 | ሰኑይ–ዓርቢ; 8:30 am(ንጉሆ)–4:30 pm(ድሕሪ ቐትሪ) | (206) 386-4200

**ማእከል ኣገልግሎት ባላርድ**
5604 22 Ave NW, Seattle, WA 98107 | ሰሉስ-ዓርቢ፣ 9 am(ንጉሆ)–5 pm(ድሕሪ ቐትሪ) | (206) 684-4060

**ማእከል ኣገልግሎት ማእኸላዊ ዲስትሪክት**
464 12th Avenue, First Fl, Seattle, WA 98122| ሰሉስ-ዓርቢ፣ 9 am(ንጉሆ)–5 pm(ድሕሪ ቐትሪ)| (206) 684-4767

**ማእከል ኣገልግሎት ዳውንታዉን**
700 Fifth Avenue, Seattle, WA 98104 | ሰኑይ–ዓርቢ; 8:30 am(ንጉሆ)–4:30 pm(ድሕሪ ቐትሪ) | (206) 684-3000

**ማእከል ኣገልግሎት ሌክ ሲቲ**
12525 28th Ave NE, 2nd Fl, Seattle, WA 98125 | ሰሉስ-ቀዳም፣ 9 am(ንጉሆ)–5 pm(ድሕሪ ቐትሪ)| (206) 684-7526

**ማእከል ኣገልግሎት ደቡባዊ ምብራቕ**
3815 S Othello St, Suite 105, Seattle, WA 98118 | ሰኑይ-ቀዳም፣ 9 am(ንጉሆ)–5 pm(ድሕሪ ቐትሪ)| (206) 386-1931

**ማእከል ኣገልግሎት ደቡባዊ ምዕራብ**
2801 SW Thistle St, Seattle, WA 98126 | ሰኑይ-ዓርቢ፣ 9 am(ንጉሆ)–5 pm(ድሕሪ ቐትሪ) | (206) 684-7417

**ማእከል ኣገልግሎት ዩኒቨርሲቲ**
4534 University Way NE, Seattle, WA 98105 | ሰሉስ-ቀዳም፣ 9 am(ንጉሆ)–5 pm(ድሕሪ ቐትሪ)| (206) 684-7542